
UK Health
Security
Agency

NHS

# ከመይ ጌርኪ ንዕሸልኪ ካብ ንስርዓተ ምስትንፋስ ዘጥቅዕ ሲንሲቲያል ቫይረስ Respiratory Syncytial Virus, RSV ትከላኸልሉ



## መምርሒ ክታበት ናይቲ ንስርዓተ ምስትንፋስ ዘጥቅዕ ሲንሲቲያል ቫይረስ (RSV) ንነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ

**ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጥንሲ ብነጻ ክታበት ክወስዳ ይኽእላ፣ እዚ ድማ ንዕሸላተን ካብቲ ንስርዓተ ምስትንፋስ ዘጥቅዕ ሲንሲቲያል ቫይረስ (RSV) ንምክልኻል እዩ።**

## ስለምንታይ ኢና ንዕሽላት ካብ RSV ክንከላኸለሎም ዘድልየና?

ንስርዓት ምስትንፋስ ዘጥቅዕ ሲንሲቲያል ቫይረስ ወይ RSV ልሙድ ቫይረስ ኮይኑ፣ ብሮንካይት ዝበሃል ረኽሲ ሳንቡእ ከስዕብ ይኽእል። እዚ ኩነታት እዚ ንነኣሽቱ ዕሽላት ንምትንፋስን ንምምጋብን ከም ዝጽገሙ ክገብሮም ይኽእል። መብዛሕትኦም ናይዚ ሕማም ተርእዮታት ኣብ ገዛ ክፍወሱ ይኽእሉ እዮም፣ ግን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ዓመት ኣስታት 20,000 ዕሽላት ብሰንኪ ሕማም ብሮንካይት ናብ ሆስፒታል ይኣትዉ። ከቢድ ብሮንካይት ዘለዎም ዕሽላት ጽዑቕ ክንክን ከድልዮም ይኽእል እዩ፣ እቲ ረኽሲ ድማ ቀታሊ ክኸውን ይኽእል። RSV ኣብ ኣዝዮም ንኣሽቱ ህጻናት፣ ኣብቶም ቅድሚ ግዜኦም ዝውለዱ፣ ከምኡ'ውን ኣብቶም ንልቦም፣ ምስትንፋሶም ወይ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ዝጸሉ ጸገማት ጥዕና ዘለዎምን ከቢድ ክኸውን ተኽእሎ ኣሎ። ረኽሲ RSV ዓመት ምሉእ ክኽሰት ይኽእል እዩ፣ ግን መልከፍቲ በዚ ሕማም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓጋይ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ይበጽሕ።

## RSV ብኸመይ ይላባዕ?

RSV ኣዝዩ ተላባዒን ብቕሊሉ ዝላባዕን ኮይኑ ብፍላይ ኣብ ህጻናት ብሰዓልን ምህንጣስን ብቐሊሉ ይላባዕ። ከም ኢድ-ምሕጻብ፣ ክትሕንጥስ ከለኻ ኣፍካን ኣፍንጫኻን ምሽፋንን ዝኣመሰሉ ቀለልቲ ስጉምትታት ወላ እንተተወስዱ፣ እቲ ረኽሲ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ከም ዘይላባዕ ምግባር ኣጸጋሚ እዩ። ውላድኪ ካብ ረኽሲ RSV ክትከላኸለሉ እትኽእሊ እቲ ዝበለጸ መገዲ፣ ኣብ እዋን ጥንሲ እቲ ክታበት ምውሳድ እዩ።

## ክታበት RSV ክሳብ ክንደይ ውጽኢታዊ እዩ?

እቲ ክታበት ንናይ ምክልኻል ዓቕምኺ ብምዕባይ ዝያዳ ኣንጻር እቲ ቫይረስ ዝሰርሕ ጸረ-ነፍሳት የፍሪ። ድሕሪኡ እዞም ጸረ-ነፍሳት ብመስከብ ኣባቢሎም ናብቶም ዕሽላት ይሓልፉ እሞ ውላድኪ ካብታ ዝውለደላ መዓልቲ ጀሚሩ ንምክልኻል ይሕግዙ። ክታበት RSV ኣብተን ቀዳሞት 6 ኣዋርሕ ዕድመ ብከቢድ ሕማም ብሮንካይት ናይ ምትሓዝ ሓደጋ ብ70% ከም ዝንኪ ይገብር። ድሕሪ እዚ ዕድመ እዚ ውላድኪ ኣዝዩ ዝተሓተ ሓደጋ ናይ ከቢድ RSV ኣለዎ። ዓበይቲ ህጻናትን መንእሰያትን ውን ረኽሲ RSV ክለግቦም ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን እቲ ሕማም ንንኣሽቱ ዕሽላትን ዕድሚኦም 75ን ልዕሊኡን ዝኾኑ ሰባት ዝያዳ ከቢድ እዩ።

## መዓስ ክኽተብ ኣለኒ?

ኣብ ከባቢ እቲ ናይ 28 ሰሙናት ናይ ቅድሚ ሕርሲ ቆጸራኺ ክወሃበኪ ኣለዎ። ክሳብ'ዚ ደረጃ'ዚ ዘይሰማዕኪ እንተኾይንኪ፣ ቆጸራ ንምሓዝ ምስ ናይ ወሊድ ኣገልግሎትኪ ወይ ምስቲ ሓፈሻዊ ሓኪምኪ ተራኸቢ። እቲ ክታበት ኣብ መበል 28 ሰሙን ወይ ካብዚ ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰሙናት ምውሳድ፣ ውላድኪ ቅድሚ ምውላዱ ናብ ውላድኪ ዝሰጋገር ጽቡቕ ደረጃ ጸረ-ነፍሳት ክትሃንጺ ይሕግዘኪ። እዚ ንውላድኪ ዝበለጸ መከላኸሊ ይህቦ፣ እንተላይ ኣብ ዘይግዚኦም እንተተወሊዶም።

ሕጂ'ውን፣ ኣብ እዋን ጥንስኺ ድሒርኪ እቲ ክታበት ክትወስዲ ትኽእሊ ኢኺ ግን ኣዝዩ ውጽኢታዊ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ኣቐዲምኪ ክታበትኪ ክትወስዲ እንተዘይተኻኢሉ፣ ክሳብ እቲ ዕሽል ዝወልድ ክትወሃቢ ትኽእሊ ኢኺ። ኣብ እዋን ጥንሲ ኣዝዩ ደንጉዩ እንተተዋሂቡኪ፣ ሕጂ'ውን ካብ ረኽሲ ክከላኸለልክን ነቲ ረኽሲ ናብቲ ሓድሽ ዝተወልደ ዕሽልኪ ናይ ምልባዕ ሓደጋ ከጉድልን ይኽእል።

## ዝኾነ ጎድናዊ ሳዕቤን ከጋጥመኒ ይኽእል ድዩ፧

እቲ ክታበት መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ቅልጽምኪ እዩ ዝወሃብ፣ ከምኡ ድማ ድሕሪ ክታበት ንሓደ ወይ ክልተ መዓልቲ ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ገለ ቃንዛ፣ ምቅያሕ ወይ ሕበጥ ክህልወኪ ይኽእል። ን1 ወይ 2 መዓልቲ ቃንዛ ርእሲ ወይ ቃንዛ ጭዋዳታት እውን ከጋጥመኪ ይኽእል እዩ።

ድሕሪ ክታበት **ኣብ ሳሕቲ እዋን** ኣብቶም ኣረጋውያን፣ ድኽመት ወይ ሕመቕ ዘስዕብ Guillain-Barré syndrome ተባሂሉ ዝፍለጥ ጸገማት ስርዓት መትኒ ከም ዘጋጠመ ተሓቢሩ ኔሩ እዩ። ተመሳሳሊ ኩነታት ድሕሪ ብርክት ዝበሉ ልሙዳት ረኽስታትን ገለ ክታበታትን ውን ተኸሲቶም ነይሮም እዮም። እቲ ኩነታት ኣብ መንእሰያት ኣዝዩ ዘይልሙድ እዩ ከምኡ ውን ክሳብ ሕጂ፣ ክታበት RSV ንነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ብGuillain-Barré syndrome ናይ ምጥቃዕ ዘለወን ሓደጋ ከም ዝውስኽ ክገብር ከም ዝኽእል ዝሕብር መርትዖ የለን።

## ኣብ እዋን ጥንሲ ክታበት RSV ምውሳድ ንዕሽለይ ውሑስ ድዩ?

እዚ ክታበት ኣብ ልዕሊ ኣስታት 4000 ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተገብረ ክሊኒካዊ ፈተነታት ዝተጸንዐ ኮይኑ፣ ኣብ ሃገራዊ መደባት ንብዙሓት ኣሽሓት ደቂ ኣንስትዮ ተዋሂቡ እዩ። ኣብ USA ንልዕሊ 300,000 ደቂ ኣንስትዮ ዝተዋህበ ምክትታል፣ ጽቡቕ ውሕስነት ከምዘለዎ ኣርእዩ። ኣብ'ቲ ቀንዲ ክሊኒካዊ ፈተነ፣ ድሕሪ ክታበት ኣብ ዝነበረ ወርሒ፣ ኣብ'ቲ ክታበት ዝተዋህቦም ጉጅለ (2.1%) ካብቲ ክታበት ዘይተዋህቦም ጉጅለ (1.9%) ቁሩብ ዝበዝሑ ቅድሚ ግዜኦም ዝውለዱ ህጻናት ነይሮም። እዚ ፍልልይ እዚ ብኣጋጣሚ ዝተኸስተ ክኸውን ዝያዳ ተኽእሎ ኣሎ። እቲ ክታበት ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ፣ ኣውሮፓን ኣሜሪካን ብዝርከቡ ተቘጻጸርቲ መድሓኒት ብመሰረት መክልኻል፣ ጽሬትን ውሕስነትን ፍቓድ ረኺቡ እዩ።

## እቲ ክታበት ምውሳድ፣ ውላደይ RSV ኣይሕዞን እዩ ማለት ድዩ?

እቲ ክታበት ንውላድኪ ብኸቢድ ሕማም RSV ናይ ምስቓይ ዕድሉ ከም ዘጉድል ተረጋጊጹ ኣሎ። ከም ኩሎም መድሃኒታት፣ ዝኾነ ክታበት ምሉእ ብምሉእ ውጽኢታዊ ኣይኮነን፣ ገለ ዕሽላት ድማ ኣዴታቶም ክታበት እኳ እንተወሰዳ፣ ሕጂ'ውን ረኽሲ RSV ክህልዎም ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር፣ ንመብዛሕትኦም ካብ ዝተኸተባ ኣዴታት ዝውለዱ ህጻናት ዝሕዞም ዝኾነ ረኽሲ RSV ከቢድ ኣይከውንን።

ኣብሪስቮ (Abrysvo) ዝበሃል ክታበት RSV ዝምልከት ናይ ሕሙማት ሓበሬታ ቆጽሊ ወረቐት ኣብዚ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፧ **www.medicines.org.uk/emc/product/15309/pil**

## ውላደይ ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ እንተሎ ኸ?

ዝተወሰኑ ብRSV ናም ምልካፍ ዝለዓለ ሓደጋ ዘለዎም ህጻናት፣ ከም ኣዝዮም ቅድሚ ግዜኦም ዝተወልዱ፣ ከቢድ ሕማም ልቢ ዘለዎም ወይ ድማ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ዝደኸመ ውን መርፍእ ጸረ-ነፍሳት ክወሃቦም ይኽእል። እዚ መርፍእ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ካብ ኣዲኦም ክረኽብዎ ዝኽእሉ ጸረ-ነፍሳት ተወሳኺ መከላኸሊ ክህብ እዩ።

## ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጥንሲ ድየ፣ ክታበት RSV ክወስድ ዘለኒ?

እወ፣ ነቲ ሓድሽ ውላድኪ ዝበለጸ መከላኸሊ ንምሃብ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጥንሲ ክትወስዲ ይግባእ።

## ካልኦት ናይ ወሊድ ክታበታት ምስቲ ናይ RSV ክታበተይ ኣብ ሓደ ግዜ ክወስድ ይኽእል ድየ?

ኣብ እዋን ጥንሲ፣ ክታበትኪ ኣብ ትኽክለኛ ግዜ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ፧

- እቲ ክታበት ሰዓል መብዛሕትኡ ግዜ ኣቐዲሙ ኣብ እዋን ጥንሲ እዩ ዝወሃብ (እዚ ማለት ኣብ ከባቢ እቲ መፋርቕ ናይቲ ጥንሲ ስካን ዝግበረሉ ግዜ እዩ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መበል 20 ሰሙን ናይቲ ጥንሲ)
- ናይ 28 ሰሙናት ጥንስቲ ምስ ኮንኪ ክታበት RSV ክትወስዲ ኣለኪ
- ክታበት ጉንፋዕ ኣብ ዝኾነ ደረጃ ናይቲ ጥንሲ ክወሃብ ይኽእል። ንዓኺ ክወሃብ ድሉው ምስ ኮነ ብቕልጡፍ ክትወስዲ ይግባእ።

ክታበት RSV ንኽድወስዲ ክትጽውዒ ከለኺ፣ ገና ክታበት ሰዓል ወይ ጉንፋዕ ዘይወሰድኪ እንተኾንኪ፣ ሽዑ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ክትወስድዮም ይግባእ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

ምስ ኣሕራሲትኪ ወይ ሓፈሻዊ ሓኪምኪ ክትዛራረቢ ትኽእሊ ኢኺ፣ ከምኡ ውን ነዛ ወረቐት ብኢንተርነት ኣብዚ ዝስዕብ ከተንብብያ ትኽእሊ ኢኺ፧

**www.gov.uk/government/publications/respiratory-syncytial-virus-rsv-maternal-vaccination**

**www.nhs.uk/pregnancy/keeping-well/vaccinations**

ብዛዕባ ነፍሰ ጾር ምስ ኮንኪ ዝቐርበልኪ ክታበት ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ክትረኽብዮ ትኽእሊ ኢኺ፧

**www.gov.uk/government/publications/pregnancy-how-to-help-protect-you-and-your-baby**

## ዕሸለይ ብሰንኪ RSV ዝስዕብ ብሮንካይት ክሕዞ ይኽእል ድዩ?

ምልክታት ናይቲ ብሰንኪ RSV ዝስዕብ ብሮንካይት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፤

- ኣፍንጫ ጸረርጽረር ምባል ወይ ምዕባስ ኣፍንጫ
- ምትንፋስ ኣጸጋሚ፣ ቅልጡፍ ድምጺ ዘለዎ (ፂጽ ዝብል) ይኸውን
- ምምጋብ ኣጸጋሚ ይኸውን
- ሰዓል
- ረስኒ
- ዘይርጉእ ወይ ዘይምቹእ ስምዒት
- ድኻም ወይ ምስልካይ

RSV ኣብ ንኣሽቱ ህጻናት፣ ካልኦት ኩነታት ከም ናይ ሰዓል እሕኡታ (ኒኽኒኽታ) ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ እዝኒ ቃንዛ ዘለዎ ረኽሲ (ረኽሲ እዝኒ) ከስዕብ ይኽእል።

## ህጹጽ ቆጸራ ናይ ሓፈሻዊ ሓኪም ሕተቲ ወይ ድማ ናብ 111 ደውሊ እንተድኣ፤

- ውላድኪ ሰዓል እንተ ኣጋጢምዎ ከምኡ ድማ እቲ ሰዓል እናገደደ ይኸይድ እንተሎ።
- ውላድኪ ካብቲ ንቡር ኣዝዩ ዝወሓደ መግቢ ይምገብ ወይ ይበልዕ እንተሎ።
- ውላድኪ ን12 ሰዓታት ወይ ልዕሊኡ ኣብ ዳይፐሩ ከይሸነ እንተጸኒሑ፣ ወይ ካልእ ምልክታት ጽምኣት ሰብነት የርኢ እንተሃልዩ
- ውላድኪ ትሕቲ 3 ወርሒ እንተኾይኑ እሞ ሙቐት 38°C እንተለዎ፣ ወይ ድማ ልዕሊ 3 ወርሒ እንተኮይኑ እሞ ሙቐት 39°C ወይ ልዕሊኡ እንተለዎ።

ጥርጡር ጎናዊ ሳዕቤናት ኣብ መርበብ ሓበሬታ Yellow Card ወይ ድማ ናብቲ ነጻ መስመር ተሌፎን 0800 731 6789 ብምድዋል (ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 5 ድሕሪ ቀትሪ) ወይ ድማ Yellow Card መተግበሪ ብምውራድ ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**www.mhra.gov.uk/yellowcard**

### ናብ 999 ደውሊ ወይ ናብ A&E ኪዲ እንተድኣ፤

ውላድኪ ብዕቱብ ጥዕና ዘይብሉ እንተመሲሉ፣ ብንናይ ገዛእ ርእስኺ ፍርዲ/ገምጋም ተኣማመኒ። ከምዚ ዝስዕብ እንተኾይኑ ከምዚ ዝስዕብ ክትገብሪ ይግባእ፤

- ውላድኪ ኣብ ምትንፋስ ይጽገም እንተሎ – ምጉርምራም ድምጺ ወይ ኣፍልቡን ከብዱን ናብ መንጎ ወይ ናብ ትሕቲ መሰንገለኡ ጥራይዝተሳሒቡ ከተስተብህሊ እንተዳኣ ክኢልኪ።
- ውላድካ ከስተንፍስ ከሎ ኣብ መንጎ የቋርጽ እንተሎ።
- ቆርበት፣ መልሓስ ወይ ከንፈር ናይ ውላድኪ ሰማያዊ እንተኾይኑ።
- ውላድካ ዘልሓጥሕዝጥ ዝበለ እንተኾይኑ ከምኡ ውን ዘይበራበር እንተመሲሉ ወይ ንቑሕ ኮይኑ ክጸንሕ እንተዘይክኢሉ።



© Crown copyright 2025. Version 3. UK Health Security Agency Gateway Number 2024-938.
Product code: V2C24RSV03TIG Tigrinya 2p 100K FEB 2025 (APS).
To order more copies of this asset, please visit: **www.healthpublications.gov.uk** or call **0300 123 1002**.This leaflet is available as a BSL video, and audio file, in Braille, large print and translated into 30 community languages.